ፍቑራትወለዲ

ህጻን ብምውላድኩም እንኳዕ ሓጎስኩም ብለኩም። በዚናይ ፈለምቲ መጽሓፍቲ ገርና ንዓኩም ንውላድኩም ብሓባር ናብ ናይ ዓለም ቋንቋ ከነሰንየኩም ንደሊ። ውላድኩም ብጣዕሚ ይሕጎስ እተድኣ ንስኩም ምስኡ ምስ እትዛረቡን ንዕኡ ዛንታታት ምስእተዘንት ዉሉ ንመጽሓፍቲ ምስ እተንብቡሉን። በዚምኽያትዚኣብስዊዘርላንድዚውለድቆልዓመጀመሪመጻሕፍቲተዓሺጉህያብይግበረሉ። እዚህያብእዚንዝበለጸዕብየትክጥቀመሉንትፎ። ጸጽቡቑድማንምየልኩም።

ሓበራዊ ጅንጇን ምስ ሓደ ዛንታ ምልላይን

ምስ ህጻንኩም ኮይንኩም ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ምስ እትርእዩ በዚ ምክያት ኣብ መንጎኩ ምን ኣብ መንጎ ህጻንኩምን ዘሎ ዝምድና ኣዝዩ ይዓቢ። ንደቁ መጻሕፍቲ ዘንብብ ወላዲ ንዕኡም ግዜን ማሙቕ ዝኮነ ሕቑፍን ሪዲእታዊ ስሚዒትን ይምጥወሎም። ምንባብ ቡዙሕ ሓሳባት የፈልፍል። ንድውቅኩን ከኣ ምስ ጇንጇታትን ቡዙሕ ጸወታዊ ዓለምን ከም ዝላለዩ ይገብር። እተድኣ ንቆልዑ ቡዙሕ ዝንበሎም ኮይኑ ኣዝዮም ቡዙሕ ቃላት ይፈል ጡን ምንባብ ኣብ ዝመሃርሉ ግዜ ክኣ ኣዝዩ ይቀለሎም።

ምስ መጻሕፍቲ ምዕባይ

እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ውላድኹም ኣበየናይ ዕድሚኡ ኣየናይ ክእለትን ተገዳስነትን ከርኢ ከም ዘለዋ ሓበራዊ ዝኮነ ስእላዊ ግምት ክትረክቡ ከም እትክእሉ ንሕብር። እዞም ዝተጠቐሡ ነጥብታት ንኡሎን ህጻናት ኽምዘይኣጠቃልል ክንሕብረኩን ንፈቱ። ምክያቱ ዝኮነ ህጻን ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኮነ ኣመዓባብላ ተውህቦ ስለ ዘልዎ

ህጻን 6 ወርሒ፦

እቲ ህጻንነቲ መጽሓፍ ይትንክፎን ይነኽሶን።በዚ ምኽንያት ገይሩ እቲ ህጻን ክፈልጥ ይደ ሊ።እቲ መጽሓፍ ክብላዕ ዝከኣል ተኮይኑ ዝሸተት ዝከኣል ተኮይኑ ድምጺ ዝገብር ተኮይኑ ኣብ መልሓሱ ምስ ኣእተዎ ፍሱይ መቐረት ዝፈጥር ተኮይኑ፡ ከምኡውን እቲ ህጻን ገለ ሕብ ርታት ካብቲ መጽሓፍ ከለሊ ይኽእል።

ህጻን 12 ወርሒ፦

እቲ ህጻን ነቲ ኣብ ኢዱ ዝሓዞ ኣዝዩ ተገዲሱ ይዕዘቦ።ንሱ ከኣ መጽሓፍ ምኽኑ ከለልዮ ይጅምር።እቲ ህጻን ኣዝዩ ይሕጎስ፡ነቲ መጽሓፍ ምስ ዝንበቡሉን ምስኡ ኮንኩም ምስእትር እዎን።እቲ ህጻን ነቲ ኣብቲ መጽሓፍ ዝርከብ ስእልታት የለልዮን፡እንዳተሓጎሰ ከኣ የጣቕዕ። እቲ ህጻን ይርድኦ እቲ ስእሊ ብልክዕ ኣብቲ መጽሓፍ ቆይሙ ኣሎ ዶ የለን፧።

ህጻን 18 ወርሒ፦

እቲ ህጻን ኣብዚ ዕድመ እዚ ምስቲ መጽሓፍ ኣዝዩ ጽኑዕ ዚምድና ፈጢሩ ይርከብ።እቲ ህጻን ነቲ መጽሓፍ ሒዝዎ ይዛወርን ንዕኡ ይግንጽሎን።ብኣጻብዕቱ ስእልታት ንወሰዱ ከርኢ ይጅምር።እቲ ህጻን ይግምት እቲ ስእሊ ከመይ ከምዝመስል ግን ነቲ መጽሓፍ ገምጢሉ ይሕዞ።በዚ መንገዲ እዚ ውላድኩም ነቲ መጽሓፍ ከተንብብሉ ከምዘለኩም ይገ ልጸልኩም።

ህጻን 24 ወርሒ፦

እቲ ህጻን ነቲ መጽሓፍ በቢሓደ ይግንጽሎ።ብተወሳኺ ነቲ ስእልታት ዝገልጽ ቃላት ክጽውዕ ይጅምር።ካብቲ ህጻን ዝጸውዖ ቃል ተበጊሱ ከኣ እቲ ወላዲ ምሉእ ሓሳብ የቀነውም። እቲ ህጻን ከኣ ሕጽር ዝበለ ዛንታታት ክደግም ይጅምር። እቲ ህጻን ኣብ እዚ ዕድመ እዚ ንኣዝዩ ንውሕ ዝበለ ግዜ ተገዲሱ ዛንታ ክሰምዕ ይኽእል።እቲ ህጻን ከኣ ባንቡ ላታትን ናይ ጨርቂ እንስሳታትን መጻሕፍቲ ከንብቦሎም ይጅምር። ባዕሉ ከኣ ሓደ ዛንታ ይፈጥር።

ህጻን 36 ወርሒ፦

ኣብዚ ዕድመ እዚ እቲ ህጻን ትርጉም መጽሓፍን ኣተሓሕዝኡን ኣዝዩ ይፈልጦ እዩ።እንተድኣ ተንብብሉ ኣለኹም ኣዝዩ ተመሲጡ ይሰምዕን ዝኾነ ፍሱይ ነገር ካብቲ ዝንበብ ከቃልብ ይጅምር።እቲ ህጻን ባዕሉ ነቲ መጽሓፍ ከም ዘንብቦ ዘሎ መሲሉ እቲ ኣዝዩ ዝምስጦ ገጻት ናይቲ መጽሓፍ ብምግንጻል ደጋጊሙ ይርእዮ።

ካብዚ ዝተጠቅሰ ዕድመእቲ ቆልዓ እንዳዓበየ ምሥኽይድ፦

እቲ ቆልዓ እዳዓበየ ምስከደ ኣዝዩ ትኩር እንዳኾነ ይኽይድ።እቲ ቆልዓ ካብዚ ዕድመ እዚ ዝተነበሉ ዛንታ ክዝክርን ባዕሉ ኣብ ርእሱ ነገራት ክቅርጽን ይጅምር። ኣብቲ ዛንታ ዝን በበሉ ግዜ ነቲ ዝተነበሉ ብናቱ ቃላት ገይሩ ይደግምን ዘይትረድኣ ክሓትት ይጅምር።በዚ ገይሩ ከኣ ምሳኹም ውላድኩም ናብ ዝርርብ ይኣቱ።

መጻሕፍቲ ኣብ መዓልታዊ ሂወጽድራቤት

ምስ ውላድኩ ሓደ መጽሓፍ ከተንብቡ ከለኹም እኩል ዝኾነ ጊዜ መድቡ። ውላድኩም ነቲ ስእሊ ናይቲ ዛንታ ረጊኡ ክዕዘቦ ግዜ መጥውሉ። ኣብቲ ንውላድኩን ኣገዲስዎ ዘሎ ኣርእ ስቲ ክትጸቅጥሉ ይግበኣኩም። እቲ ህጻን ነቲ መጽሓፍ ባዕሉ ክግንጽሎን ሕቶታት ክሓት ትን ምሳኩም ኣብ ምልውዋጥ ሓሳባት ክነጥፍ ዕድሳት ፍጠርሉ።

እንኮዕ ናብ ቤት ንባብ ብደሓን መጻእኩም

ኣብ ቤት ንባብ ንስኩምይ ውላድኩምን ምስ መጻሕፍቲ ትላለዩን ትራከቡን። ኣብ ቤት ንባብ ንዓኩምን ንደቅኩምን ዝተፈላለየ ሓበሬታ ዝ ህ ብ መደባት ኣለና። ኣብቲ መደባት ድማ ብሓባር ምዝናርን ሓጸርቲ ግጥምታት ምድጋምን ዛንታ ምስማዕን ይጠቃልል። ኣብዚ መደባት ክጻተፋን ተካፈልቲ ናይ እቲ መደብ ክትኮኑን ንዕድም።

ኣብዚ ናይ መጀመሪ መጻሕፍቲ መን ኢዩ ዝነጥፍ

ኣብዚ መደብ ብናይ ስዊዝ ህዝባዊ ቤት ንባብን ስዊዛዊ ትካል ናይ ቆልዑን መንእሰያትን መራከቢ ቡዙሃን ይካየድ።

ዝኮነ ሓበረታ ኣብ በዚ ዝስዕብ ወብ ሳይት ትረክቡ
www.bibliomedia.ch
www.sikjm.ch, www.isjm.ch, www.ismr.ch

www.buchstart.ch,
www.nepourlire.ch, www.natiperleggere.ch

Tigrinya/Tigrigna/Tigrino

Buchstart
Né pour lire
Nati per leggere
Naschi per leger